# ኣመልስያ ምስ መግነዝ

## ካብ ጋሻ ልኢትዮጵያውያን

ኣብ ስልጣን ዝርከብ ጉጅለ ካብ ኩሉ ጊዜ ልላዕሊ ከም መንግስቲ ዘይራኣየሉ ብኹሉ ፖለቲካዊ መለክዕታት ተቓሊዑ ዕርቃኑ ወጺኡ ቐጻሊ ህይወቱን ዕድምኡን ኹሉ ኣብ ወታድራውን ናይ ስለላን ሓይሊ ጥራይ ዝተመስረተ ኮይኑ ይርከብ።

መረጻ ጉንበት 97 ምንም እኳ ስልጣን ናብ ህዝቢ ናይ ምርካብ ዕድል ኣየምጽእ'በይ ንናይ መጻኢ ህዝባዊ ነጻነት ምቅራብ ግን ብዙሕ ዓወታት ኣመዝጊቡ እዩ። ብእርግጽ ብዙሕ ሰብ ብህይወትን ብንብረትን ብዙሕ ከፊሉ። ይኹን'በር ናይ ሕወሓት ምንነት ብቑሩባት ሰባት ጥራይ ተኸሊሉ ንዓለምን ንብዙሓት ኢትዮጵያውያንን ዘይብሩህ ኮይኑ ዝጸንሐ ናይ ሰላሳ ዓመት ጉድ እነሆ ብመረጻ 97 ምኽንያት ጋሃድ ወጺኡ። ብምኳኑ መረጻ 97 ብኢትዮጵያውያን ይኹን ብባዕሉ ብህወሓት ከም ዓብዪ ምዕራፍ (big turning point) እናተጠቐሰ ክነብር እዩ።

እንተናኣስ እንተናኣሰ ካብ 1966-67 እስካብ ናይ ደርጊ ምውዳቕ ዝነበረ መሊስካ እንትረአ ኩሎም ሓይልታት (ውድባትስ ይኹኑ መንግስቲ) ብብረት ሓይሊ ምስዓር ኩሎም ኣሚኖም ታዓጢቖም ዝተዋሳወስሉ እዋን እዩ ነይሩ። እምነቶም ድማ ጸጋማዊ ብንባሩ ኣብ ሓይሊ ብዝተደረኸ ስትራተጂ ናይ ስርዓት ለውጢ ምምጻእ ዝብል ምንባሩ ኣይርሳዕን። በቲ እዋን ንሱ ዝነበረ ወታድራዊ ግጭታት ድማ ኣብ መንጎ ተፎኻኻርቲ ሓይልታት ኮይኑ እዩ ቐጺሉ። ምንም እኳ ተኻፋላይ ዘይኮነ ብዙሕ ሰብ እንተተጎዳአኳ ምስቲ ተፎኻኻሪ ሓይሊ ዝወገነ እዩ ብዝብል እናተመደበ ምንባሩ ይዝከር። ናይ ሀዚ

ግን ብመንግስቲ ባዕሉ ብኣዋጅ ታኣውጁ ብዝተኻየደ መረጻ ዓድና ኣብ ዝገደደ ጸገም ኣትያ ትርከብ። ካብ ታሪክ ከምንግዛሮ ህዝቢ ኢትዮጵያ ከም ህዝቢ ቻይና መንግሲቲ ንዝበሎ ታኣዛዛይ (responsive) ብምዃኑ ንመንግስቲ ዓብዪ ክብሪ ኣለዎ። ብምዃኑ መንግስቲ ምረጹ ኢሉ ስለዛኣወጀ ምእዋጅ ጥራይ ካዓ እንተይኮነ ናይተግባር ክትትል ሓዊስሉ ህዝቢ ንመረጻ ክወጽእ በብጊዝኡ መንግስቲ ብዝቖጻጸሮ ሚድያ ብምዝኽኻሩ እዩ መረጻ 97 ናዓለም ብዘደመመ ዕውት ዝኾነ። ግን እንታይ ይኹን ከምቲ ኣብ ሓደ ጋዜጣ ዝተባሃለ ከም መንግስቲ ጀሚሩ ከም ኢህኣደግ ወዲኡዎ። እቲ ብቓልካ ለይምጽናዕ ተፎጥራዊ ባህሪ እነደገና ከምዘሎ ግልብጥ ኢሉ መጺኡ።

ካብ መበቆሊኡ ንሕወሓት ንዝፈልጥ ብመረጻ 97 ምኽንያት ንዝተራኣየ ጭካነ ሓዱሽ ነገር ኣይነበረን። ተቓወምቲ ሓይልታት'ውን እዚ ዝተራኣየ ዓይነታት ኣረመንያዊ ተግባራት ኣይራኣይን፣ ኣይግበርን፣ ካብዝብል ተላዒሎም ኣይኮነን መረጻ ዝተኻፈሉ። እንተኾነ ግን ብዲሞክራሲ መረጻ ተፎኻኺሩኒ፣ ተወዳዲርኩም ለክዑኒ እናበለን እናወትወተን ብምሽጋሩን በዚ ፎኾሩኡ'ዙይ ድማ ናይ ሓያላት መንግስታት ድጋፍ እናተጠናኸረ ብምምጽኡ ንኽፍትንዎ ተገዲዶም። ብፈተናኦም'ውን ታዓዊቶም እዮም። <u>ዘይዲሞክራስያዊ ምዃኑ ብዘየጠራጥር</u> <u>ተፈሊጡ</u>። <u>ሙሉእ ዓለም "እዙይ ክትግዕታ ዲኽን ለራሃጽክን" ዝብል ትዕዝብቲ ክወስድ ኸኢሉ እዩ።</u>

እዚ ዝረኣሎ ትኽክለኛ ናይ ሕወሓት ባህሪ ቅድሚ ናብ ስልጣን ምምጽኡ ኣብ ትግራይ ብተደጋጋሚ ዝተጠቐመሉ ልምንባሩ ህዝቢ ትግራይ ምስክር'ዩ። ንእኡ ዘይወገነ ክፍሊ ተጠቒዑ እዩ ከምዚ ሀዚ ዘይመረጸ ዘበለ ዝግረፍሎን ዝቕተልሎን። ምስቓያትስ ይኹን (ቶርቸር) መቕተልቲ ኣብ ኣባላቱን ኣብ ህዝቢ ትግራይን ብሰፊሑ ምክያዱ ናይ ትማሊ ሓቂ እዩ። እሸዑን ሀዝን ዝፍለየሉ እንታሃለየ ቅድሚ ስልጣን ማሓዙ <u>ናይ ትግራይ</u>

ህዝቢ ከሳቒ እንተሎ ካልእ ናይ ኢትዮጵያ ህዝብን ዓለምን ዘይምፍላጡ እንትኾን ብምዃኑ ድማ ዝኸፍአ ነይሩ እንተተባሃለ ምግናን ኣይኾንን። ረዳእን ሰማዕን ኣብዘይነበረሉን ኣብዘይሰመዐሉን ብምንባሩ ድማ እነሆ ጉድ ሕወሓት እናተሸፈነ እስካብ እዚ ዘለናሉ እዋን ክበጽሕ ክኢሉ። ኣብዚ እዋን እዚ ሓዱሽ መሲሉ ዝረአ እንታሃለየ ሕወሓት ብላዕሊ ኮይኑ ንባዕሉ ኣምሲሉ ካብ ካልኦት ናይ ኢትዮጵያ ክፍልታት ብምትእኽኻብ እነሆ እቲ ብመፍለይኡ ዝፍለጥ ራዕዲ ናብ ኩሉ ኩርናዓት ሃገር ከምልዝርጋሕ (export) ምግባሩ እዩ። ንብዙህ እዋን ሰሪዑን ኣሰልጢኑን ዘፍረዮም ሰባትን ውድባትን ብዝደልዮ መልክዕ ድልየቱ እናፈጸሙ ይርከቡ። ታዓዊቱ እዩ ምባል ድማ ዘኽእል ይመስል። ይኩን'በር ጥቕሚ መረጻ 97 እዚ ኹሉ ጭካነታት ናዓለም ሕብረተሰብ ግልጺ ክኾን ምግባሩ እዩ። ድሕሪ ሀዚ ክማሓየሽ ይኽእል እዩ ዕድል ናሃቦ ዝብሉ ምጽባያት ተጸንቂቖም ዝተወድኡ ይመስሉ። ጸረ-ዲሞክራሲ እምበይ ንዲሞክራሲ ምምጻእ ማሓዛ ክምዘይኸውን ብዘየጣራጥር መልክዑ ተወዲኡ።

ልነገሩ እዚ ውድብ እዚ ለይበሎ እንታይ ነይሩ? ንትግራይ ነጻነት ኢሉ ክንደይ ሰብ ኣወዲኡ፤፡ ቓሉ ካዓጽፍ እንተሎ ግን ምንም ኣይተሰመየን። ብኣልባንያ ኮሚኒስታዊ ሞዴል ልታሓነጽኩ'የ ኢሉ ከብቅዕ ናብ ናይ ምዕራባውያን ካምፕ ሀሩግ ኢሉ ካኣትው እንተሎ ሰጋእ ኣይበለን። ንኤርትራ መፍቲሕኡ ምግንጻል ጥራይ እዩ፤ ሰላም ክመጽእ ዝኽእል በዚ መንገዲ እዚ እንተኸይድና ኢሉ ባዕሉ ወዲእዎ። ድሕሪ ቑርባት ዓማውቲ ናብ ኩናት እንትእተው ግን ኣፋታትሕኡ ድማ ጌጋ ነይሩ ይኾን ? ኢሉ ናይ ጸጸት መንፈስ ኣየራአየን። ካልኦት ብዙሓት ኣብነታት ምጥቃስ ይካኣል እዩ። ብ2001 መሪሕነት ሕወሓት ክኸፈል እንተሎ ናይ ኦሮምያ ከተማ ካብ ኣዲስ ኣበባ ናብ ናዝሬት ክኸይድ ምውሳኑ (ናይተፈለጥቲ ኦሆዴድ ሰብስልጣን ድጋፍ ብዘይ ምርካቡ) ኣይርሳአዕን። ማኣዝ እዙይ ጥራይ ኮይኑ፤ ምስ

ኤርትራ ኣብዝተኻየደ ውግእ ናይ ኢትዮጵያ ሰራዊት ካብ ግምት ወጻኢ ብዝኾነ ናዓለም ብዘደነቐ ቅልጣፈ ሙሉእ ኤርትራ ንምቁጽጻር ዓቕሚ እናሃለዎ ዝተወረራ ከባቢታት ኣብናይምቍፅፃር ጉዕዞ ኣብዝነበረሉ ጊዘ ብዘይእዋኑ ጠጠው ንኽብል ዛሃብ'ዎ ምኽንያት ዓለም ማዕቀብ ከይገብረልና፤ ዝብል ምንባሩ ይፍለጥ። ንሕና እኮ ባሓገዝ እንነብር ሃገርን ህዝብን ኢና፤ ከመይ ክንኮን ብዘይ ናይወጻኢ ሓገዝ? እናበሉ ሕወሓታት ምክርኻሮም ኣይርሳዕን። ሎሚ ግን ንጹሃት ሰባት ብምቕታልኩምን ብምእሳርኩምን ንህበኩም ነበርና ሓገዝ ክነቛርጽ ኢና ክባሃሉ ብውሽጣዊ ናይ ዓድና ኩነታት ኣይትእተውና፤ ተደሊኹም ጠንጥን'ዎ፤ ደርኡኽ ብልመና ገንዘብ ኣበይ ይብጻሕ ኮይኑእዩ፤ ባሃልቲ ኮይኖም። ዓሰርተ ምኢታዊ ዳኣኾነይ፤እንታይ ልባሃል ሓገዝ ኮይኑእዩ? ምባል ተጀሚሩ፤ ናይ ሃገር ሉዓላውነትን ክብርን ምሕላይ ብዝምልከት ግን ናይልመና ገንዘብ ከይቐርየና ኣየዋጸአናይ ብዝብል እዩ ዝተደምደመ።

ብዝገደደ ቀውሲ ክውጠር እንተሎ ኻዓ ናብ ቀደሙ ክምለስ ወሲኑ። ኣብ 30 ዓመታት ዕድምኡ ብእምነትን ብመተከልን ተገዚኡ ዘይፈለጥ ኩነታት ዝገዝእዎ'በይ ልኹነታት ምምራሕ ዘይኽእል ዘይ ብሓሸትን ብብረት ሓይልን ጥራይ ብኻልእ ስልጡን መንገዲ ልምፍታሕ ድልየትስ ይኹን ውሕልና ኣሪኡ ዘይፈልጥ ድሑር ጉጅለ ምኻኑ ሎሚ ብዝበለጸ ጋሃድ ኮይኑ'ሎ። ካብ መረጻ ጉንበት 97 ዘርእየሎ ተግባራት"ውን ካፍቱ ካብውልደቱ መታዓቢቱ ኮይኖም ዝጸነሑ ፈሊኻ ዘይረአዩ'ዮም። እዙይ ክወጾ እዩ ዘይባሃል መረጻ ክነካይድ ኢና ኢሉ ንምልዮናት ኢትዮጵያውያን ወጺኦም ክመረጹ ናይ ጊድኡ ጎስጓስ ገይሩ"ዩ። ህዝብ'ውን ናይማን ገይሩ ወሲድ'ዎ ንዓለም ብዘገርም ብበዝሒ ወጺኡ መሪጹ። እዙይ ኹሉ እንትኾን ውሽጥዊ ምንነቱን እምነቱን ሓቢኡ እኳስ ነቶም በብእዋኑ ናወትወቱ ዘሽግር'ዎ ሓያላት መንግስታት ብዝተወሰነ ብርኪ መልሲ ንምሃብ እዩ ነይሩ ዝፈተነ። ካብያ

ጉይይ ማዓልስ ክሳድ ማሓዝ ከምዝባሃል ምኽያር ቦርድ መረጻ ብዝምልከት ግን ትብተኽኒ ኢሉ እምብለይ ምባሉ ኣይዝንጋዕን። ናይወጻኢ ታዓዘብቲ ብዝምልከት'ውን ኣሕሊፎም ኣይህቡኒ ኢሉ ዝገመቶም ጥራይ እዩ ፈቒዱ።

ይኹንዳኣምበር ኣብ እዋን መረጻ እዞም ልታኣማመነሎም ሓጹራት መታዓቢይቱ ካብዝኾኑ ባህርታት ምቅላዕ ክሓብእዎ ኣይካኣሉን። በብእዋኑ ቅልቅል ጥፍእ ዝብል ታሓዚኡውን ጉዕዝኡ ጠኺሊሉ እዩ መጺ'ዎ። ኣመልስያ ምስ መግነዝ ኮይኑ እነሆ ካብውልደቱ ጀሚሩ ምስኡ ዛዓበየ ሕማም ደጊስ'ዎ መታሓምምቲ ስኢኑ ዓገርገር ክብል ይርከብ። ዓለም ጉድ ሪኢና ክነብሎ ኢና፤ ብዙሕ ክነጽውዮ ኢና፤ ከም ናይ ኢትዮጵያ መረጻ ዝመስል ተራእዩ ኣይፈልጥን፤ ንኽባሃለሉ'ሞ ንኽፍክር እዩ ተስፍኡ ነይሩ፤ መርዓ ጓላ ካምልበጽሓ እኖ ሓፍ ከፍ እናበለ እዩ ልጽበ ነይሩ፡፤ ውጽኢት መረጻ ግን ኣንጻር እቲ ትምኒቱ እናኾነ ምስመጸ ከም ኣመሉ በትሪ ኣልዒሉ። መረጻ 97 እዙይ ክወጸ'ዩ ብዘየብል ክንውድኦ ኢና ብዝበለሉ ኣፍ'ውን ብወታድራዊ ኣዋጅ ንኽልውጦ ጊዘ ኣይወሰዶን። ክሳብ ዕለት መረጻ ዝነበረ ዝሐሸ ኩነታት'ውን ዝርግርግ ኣቢሉ መልክዑ ኹሉ ቐያይሩ ዓዲ ምሉእ ጸልማት ከዲን'ዎ። ልበሎ ኹሉ ኣይበልኩን ኢሉውን ኣሉ ቓጣን ኢሉ ዓሪፍዎ። ናማን ደኽ ካፍቱ ብቓሉ ፅንዓት ዝፍለጥ ርህሩህን ሓዛንን ህዝቢ ትግራይ ልተፈጠሩ እዩም?

ካብያ ላሓልፍ ሹመትስ ለያሓልፍ ስም ኣያሃብካ እዩ'ሞ ትግራዋይ ንሳኻውን ከምቶም ጥዑማትን ንጉዱእን ተበዳላይን በይዛ ባሃልቲ ወለድኻ ተኽታላይ ብምኳን ብኢህኣዴግ በብእዋኑ ብመእሰርትን መቕተልትን ልልቕፅዕለው ቑጽሮም እዙይ ለይባሃል ኢትዮጵያውያን ጎኒ ብምስላፍ ብዝካኣለካ ኹሉ እዚ ዝካየድሎ ግፍዒ ጠጠው ንኽብል ኣብዝግበርሎ ወፍሪ ብዝካኣለካ ኹሉ ኢድካ ንኽትሓውስ ሕውነታዊ መልእኽትና ብትሕትና ነታሓላልፍ።